## ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መስከረም 23, 2018 ( ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 7, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንኤሌክተሮኒክስ 40,000.00 ንፈርንቸር 5,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 7, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስን ናይ ፈርንቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡ ነጋዶ/መቕረብቲ/ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቛሒታት

1. ተወሳኺ እሴት ታክሲ /ቫት/ ተመዝጋቢ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ/ም ዲክለር ዝገበሩ ::

2. ናይ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

3. ናይ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቕረባይነት ፍቓድ ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ናይ ግብሪ ኸፋሊ መለለይ ቑፅሪ (Tin Number) ኣተሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእልን።

5. መኽበሪ ጨረታ ንኤሌክተሮኒክስ 40,000.00/ኣርባዓ ሽሕ ብር/ ንፈርንቸር 5,000.00/ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል ::

6. ተወዳደርቲ ንዘሸነፍዎ ንብረት ኣብ ውሽጢ 15' ማዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ከቕርብ ዝኽእል።

7. ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ብር 200.00/ክልተ ሚኢቲ ብር/ ከፊልካ ብምውሳድ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተም ፊርማ ሙሉእ ኣድራሻ ምስ ስልኪ ቁፅሪ ክገልፅ ዝኽእል ካብ ዕለት 23/01/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 07/02/2018 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኮፒን ኦርጅናልን ብምፍልላይ ምእታው ይኽእሉ:: ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት 4:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኸብሉ ዝኽፈት ኮይኑ እንተዘይተረኺቦም እቲ ጨረታ ንምኽፋት ዝኸልክል ከም ዘየለ ።

8. ኣብ ናይ ዋጋ መቕረቢ ዝተመልአ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሖሉ ን30 ማዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ፣ ብተወሳኺ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ ንብረት ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ሓዊሶም ዝወዳደሩ ምኻኖም እናፍለጥና ቫት የወስኽ ወይ ድማ የቕንስ ዝብል ሓሳብ ወይ መብርሂ ተቐባልነት ዘይብሉ ምኻኑ ኣብ ሕድሕድ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልዩ ካብ ውድድር ዝወፅእ ምኻኑ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ኣብ ናይ በዓል ሞያ ዝተመለአ ስፔስፊኬሽን ምስራዝን ናይ ባዕልኻ መብርሂ ምጥቃም ዘይፍቀድ ምኳኑ ዝተጠቐሙ ካብ ውድድር ወፃኢ ይኸውን።

10. ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕለው ኾይኑ ብተወሳኺ እውን 20/ ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰሉ ዝተሓለወ እንትኸውን ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ መምልኢ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ጥራሕ ይወስዱ።

11. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቑፅሪ 0344403100 ወይ ድማ ንኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ቢሮ ቑፅሪ 308 ምሕታት ትኽእሉ ።

ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle